# ብኣፍ ዝውሰዱ ጸረ-ቫይረሳት እንታይ እዮም?

## ብ COVID-19 ንዝተጠቕዐ ሰብ ደሓን ንክኾን ዝገብሩ ከኒናታት እዮም።

ን COVID-19 ብጽኑዕ ናይ ምሕማም ሓደጋ ምስ ትህሉ ከምኡውን ኣብ ውሽጢ እዞም ዝሓለፉ 5 መዓልትታት ናይ COVID-19 መርመራኻ ኣወንታ እንተኾይኑ፣ ዝተኣዘዙ ብኣፍ ዝውሰዱ ጸረ-ቫይረስ ከኒናታት ንምውሳድ ክትሓስበሉ ኣለካ። ክልተ ሕክምናታት ኣለዉ፤ ፓክስሎቪድ (Paxlovid)™ (Pfizer) ከምኡውን ሌጌቪሪዮ (legevirio) (Merck)። ኣብ ዕድሜኹም፣ ናይ ጥዕና ታሪኽኩም፣ ከምኡውን ንኸንደይ ዝኣክል ምልክታት ነይርኩም ምርኩስ ብምግባር፣ ነዞም ናይ COVID-19 ሕክምናታት ብቑዓት ክትኾኑ ትኽእሉ ኢኹም።

ብኣፍ ዝውሰድ ጸረ-ቫይረስ ሕክምና ናይ SARS-CoV-2 ቫይረስ (COVID-19 ዘስዕብ ቫይረስ) ኣብ ኣካልኩም ከይራባሕ፣ ኣብ ውሽጢ ኣካልኩም ዘሎ ቫይረስ ብምንካይ፣ ወይ ናይ ምክልኻል ዓቕምኹም ብምድጋፍ ኣካልኩም ምስ COVID-19 ክቃለስ ክሕግዘኩም ይኽእል እዩ። ሕክምና ብምርካብ፣ ጽኑዕ ዘይኮነ ምልክታት ክህልውኹም ይኽእል እዩ ከምኡውን ሕማምኩም ናይ ምግዳድን ኣብ ሆስፒታል ኮይንካ ክንክን ናይ ምውሳድን ዕድልኩም ንክንኪ ይገብር።

---

- ## ከመይ ገይረ ናይ ብኣፍ ዝውሰዱ ጸረ-ቫይረሳት ክወስድ ይኽእል?

ብኣፍ ዝውሰድ ጸረ-ቫይረስ ሕክምና ምርካብ ማለት ከኒናታት ክትወዱ ኢኹም ማለት እዩ። ብክንክን ጥዕና ዝቕርበልኩም ኣካል ከም ዝሓበረኩም ነቲ ብኣፍ ዝውሰድ ጸረ-ቫይረስ ሕክምና ክትወስዱ ኣለኩም። ከኒና ኣይትንጠሩ ወይ ምስ ትርስዕዎ መተወሳኺ ኣይትውሰዱ። ከምቲ ዝተሓበረ ክሳብ እትውድእዎም ወይ ክንክን ጥዕና ዘቕርበልኩም ኣካል ደው ክተብሉ ዝነገረኩም ኩሉ እቲ መድሃኒት ክትወስዱዎ ኣለኩም። ብኣፍ ዝውሰድ ጸረ-ቫይረስ ምስ ምግቢ ወይ ብዘይ ምግቢ ምውሳድ ይከኣል ከምኡ እውን እቶም ከኒናታት ብምሉኦም ክወሓጡ ኣለዎም፣ ከይሰበርካ ወይ ከየዳቐቕካ።

- ## ሕዱር ዝኾነ ሕማም ናይ ጥዕና ኩነታት ከም ናይ ኩሊት ወይ ጸላም ከብዲ ጸገማት ምስ ዝህልወኒ ከ?

ቅድሚ ዝኾነ መድሃኒት ምውሳድ፣ ናይ ጥዕና ታሪኽኩም ምስ ክንክን ጥዕና ዘቕርበልኩም ክትዛተዩ ኣለኩም። እዚ ድማ ብዛዕባ ዝኾነ ዘለኩም ናይ ጥዕና ኩነታት ከምኡውን ዝተኣዘዘልኩም መድሃኒታት፣ ካልኦት መድሃኒታት፣ ቫይታሚናት፣ ከምኡውን ትወስድዎም ዘለኹም መወሰኽታታት ክኾኑ ይኽእሉ።

ዝኾነ ናይ ኩሊት ወይ ጸላም ከብዲ ጸገማት ዘለዎም ሰባት ቅድሚ ናይ ብኣፍ ዝውሰድ ጸረ-ቫይረስ መድሃኒት ምውሳዶም መጀመርያ ም ክንክን ጥዕና ዘቕርበሎም ኣካል ይዘራረቡ። ክንክን ጥዕና ዘቕርበልኩም ኣካል ብኣፍ ዝውሰድ ጸረ-ቫይረስ ሕክምና ንዓኹም ልክዕ ምኺኑን ዘይምኺኑን ክውስን እዩ ከምኡ እውን እንድሕር መጠን ፈውስኹም ግቡእ ድዩ ኣይኮነን እውን ክርእይ እዩ። ሓደሓደ ሕክምናታት ንዝተወሰነ ናይ ኩነታት ዘለዉ ሰባት ዘይክምከሩ ይኽእሉ እዮም።

- ## ንብኣፍ ዝውሰዱ ጸረ-ቫይረስ ሕክምና ብቑዕ እንተዘይኮይነ ኸ?

ክንክ ጥዕና ዘቕርበልኩም ኣካል ንብኣፍ ዝውሰድ ጸረ-ቫይረስ ሕክምና ብቑዓት ኣይኮንኩምን ወይ ንዓኹም ኣይኸውንን ኢሉ ክውስን ይኽእል እዩ። ነዚ ድማ ሓያሎ ምኽንያታት ክህልዉ ይኽእሉ እዮም። ኩሉ ናይ ብቑዕነት መዐቀኒታት ዘይተማልኡ ክተኮኑ ትኽእሉ፣ ወይ ንገለ ገለ ሕክምና ዘይሰማማዕ ናይ ጥዕና ኩነታት ክህልወኩም ይኽእል። ንዓኹም ዝኸውን ዝበለጸ ናይ ሕክምና ኣማራጺ ምስ ክንክን ጥዕና ዘቕርበልኩም ኣካል ተመያየጡ።

Washington State Department of Health

DOH 825-029 May 2022 Tigrinya
እዚ ሰነድ ብኻልእ መልክዕ ክትሓትት እንተደሊኻ ናብ 1-800-525-0127 ደውል። ጸማማት ወይ ምስማዕ ዝጽገሙ ዓማዊል፣ በይዝኦም ብ711 ደውሉ (Washington Relay) ወይ ናብ mailto:ecivil.rights@doh.wa.gov ኢሜይል ስደዱ።